# ኣጽዋርን ሕማም ረሲዕን

**ሓበሬታ ካብ ሽወደናዊ ማእከል ረሲዕ**



## እቲ ምልክት ሓሲብካ ናይ ምውሰን ተኽእሎ ከቢድ ይገብሩ

ሕማም ረሲዕ፡ ናይ ምሕሳብ፡ መደብ ናይ ምውጻእን ናይ ምዝርራብ ተኽእሎ ዝዕንቅጽ ሓባራዊ መጸውዒ ስም እዩ። እቲ ምልክት ኣብ ሓንጎል ብዘጋጥም ዝተፈላለዩ ሕማማትን ማህሰይትን ዝስዕብ እዩ።

መጀመርያ ንናይ ምዝካር ክእለት የሕምቑ፡ ናይ ምምሃር ተኽእሎ ድማ ከቢድ ይኸውን። ቋንቋን ካልኦት ሕቶታት ኣእምሮ'ውን ይጉድኡ።

ምልክታት ሕማም ረሲዕ ከነስተውዕለሎም እንኽእል፡ ብዙሕ ኣብ ዝዓይነቱ ሓበሬታ ቅልጡፍ ውሳነ ክትሕተት እንከለኻ እዩ። ሓደ ካብዚ ንኣብነት ኣተሓሕዛ ኣጽዋር ዝምልከት ክኸውን ይኽእል።

## ተኽእሎ ሓደጋ ብ ኣጽዋር ኣብ ሕማም ረሲዕ

ተክኒካዊ ኣተሓሕዛ ኣጽዋር ኣብ ሕማም ረሲዕ ብቕጽበት ዝጠፍእ ነገር ኣይኰነን። እቲ ሕማም ኣቓዲሙ ንናይ ትግባረ ክእለት፡ ንኣድህቦን ውሳነ ንምሃብን ዝጸሉ ኣብ ሓንጎል ለውጢ ንምምጻእ ጠንቂ ዝኸውን ምኽኑ እዩ። ተተኳሲ ኣጽዋር ኣብ ኢዶም ዝሓዙ እሞ ሕማም ረሲዕ ድማ ዘለዎም፡ ገዛእ ርእሶምን ካልኦትን ክሃስዩ ናይ ምግባር ተኽእሎ ከጋጥሞም ይኽእል እዩ።

ሕማም ረሲዕ፡ እቲ ኣጽዋር ብኸመይ ክዕቀብ ከምዝግባእ ዘርኢ ውሳኔ ንምክትታል'ውን ኣጸጋሚ ይገብሮ እዩ። ስለዚ ድማ እቲ ኣጽዋር ኣብ ኢድ እቶም ክሕዝዎ ዘይግብኦም ክወድቕ ይኽእል።

## ምኽርታት ካብ ሓኪም ምቕባል

ሕማም ረሲዕ ኣብ እንጥርጥረሉ ብዝቐልጠፈ ምስ ሓኪም ክንራኸብ ኣለና። ቅኑዕ ምርመራ፡ ሓገዝን ሕክምናን ንምርካብ ኣቓዲምካ መርመራ ምጅማር ኣገዳሲ እዩ። ሓደ ሰብ ሕማም ረሲዕ ከም ዘለዎ እንተተረጋጊጹ፡ እቲ ሰብ ድማ ኣጽዋር እንተለዎ፡ ብዛዕባ እዚ ቲ ሓኪም ክሕበር ኣለዎ።

## መኸላእታታት መድሃኒት ምስ ዝሀሉ

ሕማማ ረሲዕ ሓደ ካብቶም ኣጽዋር ከይትሕዝ ከኽልክሉ ዝኽእሉ ኩነት ሕማም እዩ። ብመሰረት ሕጊ ኣጽዋር፡ ሓኪም'ዩ ብዛዕባ እቲ ሰብ ብምኽንያት መድሃኒት ኣጽዋር ክሕዝ ከምዘለዎን ዘይብሉን ዝውስን። እቲ ኩነታት ከምኡ እንተኾይኑ፡ እቲ ሕሙም ብዛዕባ እዚ ይሕበር።



ሓኪም'ውን ንበዓል መዚ ፖሊስ ናይ ምሕባር ግዴታ ኣለዎ፡ ንሳቶም ከኣ ብዛዕባ እቲ ኣጽዋርን እቲ ፍቓድ ኣጽዋርን ዝምልከት ውሳነ የሕልፉ።

ሰራሕተኛ በዓል መዚ ፖሊስ፡ ብዛዕባ ዝተመንጠለ ፍቓድ ኣጽዋር ብዝምልከት፡ ግብራዊ ዝኾኑ ሓሳባት ክህብን ክሕግዝን ይኽእል እዩ።

## ተነቃፊ ሕቶ

ድሕሪ ደጊም ኣጽዋር ዘይምስካም ንመንነትን ርእሰ ስምዒትን ክሃሲ ዝኽእል ሕቶ ክኸውን ይኽእል'ዩ። እቲ ኣብ ግዜ ቀውዒ ዝካየድ ሃድን እንስሳ፡ ንብዙሓት ናይ ሃድንን ሕብረትን ብናፍቖት ዝጽበዮን ክፍለ ዓመት እዩ። ስለዚ እምበኣር እቶም መቕርብ ኣብቲ ንምሕዳግ ኣጽዋር ዝምልከት ዝርርብ ካብ መጀመርታ ኣትሒዞም ክሀልዉ ኣገዳሲ እዩ። ምናልባሽ እቲ ሰብ ኣብታ ጉጅለ ሃድን ካልእ ዕማም ይወሃቦ ይኸውን።

## ዝያዳ ሓበሬታ

*ብምኽንያት ሕክምናዊ ጠንቂ፡ ኣጽዋር ክሕዙ ግቡእ ንዘይኰኑ ዝግበር ምልክታ፡ ጽሑፋት በዓል መዚ ማሕበራዊ ጉዳያት* 2008:21 • www.socialstyrelsen.se

*ሕጊ ኣጽዋር፡ ሽወደናዊ እኩብ ሕትመታት* (1996:97)

17 ታሕሳስ 2018 • ሽወደናዊ ማእከል ሕማም ረሲዕ ©

ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተዳለዉ ሓበሬታታት፡ ካብ መርበብ ሓቲምኩም ንምውጻእ፡ መርበብ ሽወደናዊ ማእከል ሕማም ረሲዕ ተጠቐሙ፡ www.demenscentrum.se/Faktablad

Svenskt Demenscentrum
ሽወደናዊ ማእከል ሕማም ረሲዕ፡ Sveavägen 155, 113 46 Stockholm, 08 - 690 58 00, info@demenscentrum.se
www.demenscentrum.se